**ብ ስ ራ ት ዕ ድ መን**

<u>መዝሙር እምነት 50 ክርስቶስ ሓጥኣን ይቕበል</u>

W.S.H 210

1.ነቲ ቅኑዕ መገዲ ሓዲጎም ዘላገሱ፡
ቃል ጸጋ ኣበሰሮም ፡ ናብ ኣምላኽ ክምለሱ።

ተደጋሚ፡- ዘምሮ መመሊስካ፡ክርስቶስ ሓጥኣን ይቕበል፡
ኣውጅ ኣነጺርካ ፡ ክርስቶስ ሓጥኣን ይቕበል።

2.ንዓ ናብ የሱስ ቀልጥፍ፡ቃሉ እመን ክትዓርፍ፡
ናብኡ ዝመጹ ኩሎም፡ሓንጉፋይ ይቕበሎም።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ኩነኔ ኣልጊሱለይ፡ሕጉውን ነይፈርደለይ፡
ብዘይ ዕጣር ዘንጽህ፡ኩሉ ዕዳይ ከፊሉ።

<u>ተደጋሚ</u>

4.ክርስቶስ ሓጥኣን ይቕበል፡ ንኣይ እኳ ጸንቢሩ፡

ካብ ዓመጻይ ኣንጺሁ ልበይ ናብኡ ኣቅኒዑ።

<u>ተደጋሚ</u>

## <u>መዝሙር እምነት 51 ከረድኣካ ይኽእል እዩ W.S.H.310</u>

1.ጽቡቕ ብስራት ካብ ዘልኣለም፡እትነግረ ቃል
ንመዋቲ ሰብ፡
ጽቡቕ ብስራት ኣዋጅ ናይ ፍጥረት ፡ንዓ ናብ
ኣምላኽ ከረድኣካ'ዩ፡

ተደጋሚ፡-ከረድኣካ ይኽእል እዩ፡
ከድሕነካ ይፈቱ እዩ፡
ብሓጥያትካ እንተ ተጨነቕካ፡ኪድ ናብ
ኣምላኽ፡ ከዕርፈካ እዩ።

2.ጽቡቕ ብስራት ንኹሉም ሰባት፡ ጽቡቕ ብስራት
ንውሉድ ኣዳም፡
ጽቡቕ ብስራት ንዓለም ንገር፡ ንዓ ናብ ኣምላኽ
ከረድኣካ'ዩ።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ጽቡቕ ብስራት ንበደለኛ፡ንሓጥያተኛን፡
ቀልጥፍ ኣውጅ፡
ብእምነት ጠምት ክንጽሃካ'ዩ፡ ንዓ ናብ
ኣምላኽ ክድሕነካ'ዩ።

<u>ተደጋሚ</u>

## <u>መዝሙር እምነት 52 ንምኻድ ተዳሎ</u>

1. የሱስ ብድሙቕ ክብሪ ክግለጽ፡
ብዓቢ ግርማ ክርኣ፡
ጻድቃን ሓቢሮም ምስ ተኣከቡ፡
ከይትሓፍር ተዳሎ።

<u>ተደጋሚ</u>፡- ንምኻድ ተዳሎ፡ጎይታ ፡ብዘለዎ፡
ናብ የሱስ ክብሪ ዝፋን፡
ናይ የሱስና ቃል፡ጻድቃን ክሰምዑ፡
ክትሓፍር ተዳሎ።

2.ኣብ ዝፋን ክብሪ የሱስ ክቕመጥ፡

ጻድቃን ካብ ሓጥኣን ክፈሊ፡
የሱስ ንምፍራድ መጽሓፍ ክኽፍት፡
ከይትሓፍር ተዳሎ።

ተደጋሚ

3.ብሓጥያት ዓለም ዝተማረኹ፡
ናይ ሰላም መንፈስ ስኢኖም፡
ናብ ሲኦል ሓዊ ኪኸዱ ኲሎም፡
ከይትሓፍር ተዳሎ።

ተደጋሚ

4.ናይ ህይወተይ ኣኽሊል ተደፊኡሎም፡
ካብ ጽሓይ ኣዚዮም በሪሆም፡
ምስ የሱስ ኲሎም'ውን ክሕጎሱ፡
ሰለዚ ድልዊ ኹን።

## መዝሙር እምነት 53 ኣብ ትሕቲ መስቀሉ ተምበርከኽ G.F 41

1.ኣብ ትሕቲ መስቀሉ ተምበርከኽ፡ይጽበየካ'ሎ፡
ድምጹ ስማዕ ሓልዮትካ አንብር፡ሕድሽ ህይወት ጀምር።

ተደጋሚ፡- ስገደሉ ጾርካ ሃቦ፡

ስገደሉ ክቕበለካ'ዩ።

2.ኣብ ትሕቲ መስቀሉ ተምበርከኽ፡ክብሪ ዝርከቦ፡
ሓጎስ ኣሎ ጋሂ ዘይብሉ ኣብኡ ዝውከሉ።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ኣብ ትሕቲ መስቀሉ ተምበርከኽ፡ጠምት ናብ ሰማያት፡
ኣይትመለስ ንድሕሪት ገጽካ፡ተኣመን ፈጺምካ፡

<u>ተደጋሚ</u>

ኣ.ሓ

## <u>መዝሙር እምነት 54- ንዓኻ መን'ዩ?</u>

1.ናይ ህይወትካ ትርጉም፡ናይ ልብኻ ንጉስ፡

ንዓኻ መንዩ፡ንዓይ ጉይታ የሱስ።

ተደጋሚ፡- ነዚ ክትምልሾ ንዓይ እዩ ኢልካ፡
እንተ መጻእካዮ ሕጂ የኽእለካ፡

2.ልብኻ ዝገዝእ፡ህይወትካ ዝመርሕ፡፡
ንዓኻ መን'ዩ፡ንዓይ ጎይታ የሱስ።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ናይ ኩሉ ጥሪትካ ኣዋዲ ገንዘብካ፡
ንዓኻ መን'ዩ፡ ንዓይ የሱስ ጎይታ፡

<u>ተደጋሚ</u>

ደ.ኣ

# <u>መዝሙር እምነት 55 መንእሰይ-ንዑ</u>

1. መንእሰይ ንዑ - ጽቡቓት ኣታኽልቲ፡
ካብ መርዛም ማይ ዓለም ኣይትስተዩ፡
ህይወት ክትረኽቡ ማይ ህይወት ሰቲኹም፡
ናብ የሱስ ንዑ።

ተደጋሚ፡-መንእሰይ ንዑ ጊዜ ከይሓልፈኩም፡
ኣይትንጸግዎ'ዚ ጥዑም ዕድልኩም፡
ንየሱስ ጎይታ ዝባን እንተሃብኩም፡
ሞት የርክበኩም።

2.ጥቓ ርባታት ህይወት ክ'ትከሉ፡
ፍረታት ክትህቡ ብጊዜኡ፡
ሰላም ክኽውን መዓልታት ህይወትኩም፡
ናብ የሱስ ንዑ።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ጊዜ ሓሊፉ እርጋን ምስ ኣርከበ፡
ኣብ ገምገም ርባ ሞት ምስ ቀረብኩም፡
ቅብጸት ዘኽትል ጣዕሳ ከይብጽሓኩም፡
ናብ የሱስ ንዑ።

<u>ተደጋሚ</u>

ደ.ኣ

# መዝሙር እምነት 56 ወይ ክንደይ ጥዑም ዕድል

1. ወይ ክንደይ ጥዑም ዕድል፡ካብ ሓጥያት ሓርነት፡
   ምስ የሱስ ክርስቶስ ምንባር፡ምርካብ ሓድሽ
   ህይወት፡፡
   ሓጎስ ሰላም መሊእካ፡ ናብ ሰማይ ምግስጋስ፡
   ወይ ክንደይ ጥዑም ዕድል፡ምዃን ውሉድ
   ኣምላኽ።

2.ወይ ክንደይ ጥዑም ዕድል፡ምስ ኩላ.ማ.ም ኣሕዋት፡
ተኣማሚንካ ምንባር ኣብ ደምበ ናይ ኣምላኽ።
ፍቕሪ ዓቕሊ መሊእካ፡ብሓደ ምግዋር፡
ወይ ክንደይ ጥዑም ዕድል፡ብሓድነት ምንባር።

3.ወይ ክንደይ ጥዑም ዕድል፡እንተኾነ ወራሲ ኣብ፡
መዋርስቱ ንየሱስ፡ኣብ ሃገር ብጽኣን።
ሓጎስ ሰላም መሊእካ፡ኣብ ዙርያ'ቲ ዝፋን፡
ወይ ክንደይ ጥዑም ዕድል፡ኣምላኽ ምምስጋን።

ደ.ኣ

## መዝሙር እምነት 57 ናብ ብሩኽ ገንሸል ናይ ኣምላኽ

1.ናብ ብሩኽ ገንሸል ናይ ኣምላኽ ጠምት፡
ኣስተብህል ዘገርም ፍቕሩ።
ሓድሽ ህይወት ክትረክብ ዎ ሓወይ፡
ተቐበል ዓቢ መስዋእቱ።

ክቡር ደሙ ዝፍሰሰልካ፡
ኣይትርገጾ ሓደራኻ።

2.ናብ ብሩኽ ገንሸል ናይ ኣምላኽ ጠምት፡
ምስ ትፍተን ምስ ትጭነቕ።
ክረድኣካ እዩ ብጸግኡ፡
ኣብ ክንዳኻ'ውን ይሕለቕ።

ስማዕ ኣጆኻ ይብለካ፡
በርትዕ ቀጽል መገሻኻ፡

3.ናብ ብሩኽ ገንሸል ናይ ኣምላኽ ጠምት፡
ኣብ ሽግርካ ኣብ ስኣንካ።
ካብ ምልኣት ሃብቲ ናይ ጸግኡ፡
የጸጉ ኩሉ ጉደለትካ።

ነዕዋፍ ሰማይ ዝመገበ፡
ይሓልየልካ ኩሉ ጊዜ።

## <u>መዝሙር እምነት 58 ጊዜ ሓላፊ'ዩ</u>

1.ጊዜ ሓላፊ'ዩ ከቶ ዘይምለስ፡
ሓደ ክልተ ኢልና ብኹሉ ንጠቐም፡
ኣብ መዓልቲ ፍርዲ ምስ ተጸባጸበ፡
እንታይ ትመልሰሉ ንጊዜ ዝሃበ።

2.ጊዜ ኣይጽበን'ዩ ተተገበዝናሉ፡
ሓደ ክልተ ኢልና ንጠቐም ብኹሉ፡
ኣብ መዓልቲ ፍርዲ ምስ ተጸባጸበ፡

እንታይ ትመልሰሉ ንጊዜ ዝሃበ።

3.ጸልማት ከይመጸና ከሎ ድሙቕ ብርሃን፡
ብኹሉ ንጠቕም ሰናይ ዘርኢ ንዝራእ፡
ኣብ መዓልቲ ፍርዲ ኣብ ቅድሚ’ቲ ዝፋን፡
ኣታ እሙን ባርያ መታን ክንበሃል።

ደ.ኣ

<u>መዝሙር እምነት 59 ምስ ትጽሊ ምስ ትልምን</u>

W.S.H 212

1.ምስ ትጽሊምስ ትልምን ድሌት ነፍስኻ ትርኢ፡
ኣቦኻ ምስ ጸዊዐ ዎ ሓወይ ዘይትመጽእ፡

ተደጋሚ፡-ቀልጢፍካ ቀልጢፍካ ሕጂ ናብ የሱስ
ምጻእ።/2/

2.ኣርሒቕካ’ ንተ ኾብለልካ ካልእ መዓልቲ ኣይትድለ፡
ካብ ኣምላኽ ገጽካ ኣይትምለስ ሎሚ ጸጋ ተቐበል።

<u>ተደጋሚ</u>

3.ኣብ ዓለም ኣይረኸብካን ኣብ ህይወት ዘህድኣካ፡
ንዓ ናብ የሱስ ብእኡ እመን ሰላም ክትረክብ።

<u>ተደጋሚ</u>

4.ንዓ ናብ የሱስ ተነሳሕ ሕድገት ሓጢኣት ተቐበል
ኩሉ እዋን ትኣምኖ ክሕልወካ እዩ።

<u>ተደጋሚ</u>